ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.231

ሓሙስ 28 ግንቦት 2026

ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3

ቻይና፡ ካብ 'ፋወሳ ብነውጺ' ከመይ ኣምለጠት፧



ገጽ 5

ኮማዊ ዳሰን ገስጋስ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ንኡስ. . .



ገጽ 7

ምልክታ

ገጽ 8



ገጽ 11

ኣርቴታ፡ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ፕሪመርሊግ ተባሂሉ




# መራሕቲ የመን፡ ኡዝበኪስታንን ኒካራግዋን፡ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



ፕረዚደንት ባይቶ ፕረዚደንታዊ መራሕነት የመን - ዶ/ር ረሻድ መሓመድ ኣልዐሊይሚ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኡዝበኪስታን - ሻቭካት ሚርዚየየቭን ፕረዚደንት ኒካራግዋ - ዳኒኤል ኦርቴጋን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንበል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

እቶም መራሕቲ - ብስሞም፡ ከምኡ'ውን ብስም መንግስታቶምን ሃገራቶምን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ሰናይ ምንዮቶም ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከምኡ'ውን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንክልተኣዊ ረብሓታት ብዘገልግል፡ ዝምድናታት ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምምዕባል ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።

ፕረዚደንት ዳኒኤል ኦርቴጋ ወሲኹ፡ እዚ ኣጋጣሚ ታሪኻዊ ዕለት፡ ትብዓት፡ ጽንዓትን ቁራጽነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝጸንበሉን ክብሪ ዝወሃቦሉን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምድልዳል ታሪኻዊ ዝምድና፡ ሕውነት፡ ምትሕግጋዝን ምክብባርን ንረብሓ ክልቲኡ ህዝብታት ኣጋጣሚ ከምዝኾነ ገሊጹ።

# ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ፡ ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተባዒሉ

ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ ናይ 1447 ህጅሪያ፡ ትማሊ ረቡዕ 10 ዙልሒጃ ማለት 27 ግንቦት 2026 ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተባዒሉ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ብሙፍቲ ኤርትራ መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ዝተመርሐ ሓባራዊ ሰላት፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ካልኦት ዲፕሎማሲኛታትን ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣመንቲ ተሳቲፎም ነይሮም።

ሼኽ ሳልም፡ ዒድ ኣልኣድሓ ክብርታት ሰላም ዝደምቀሉ ከምዝኾነ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ኣብ ዝሃቡሉ መደረ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ሰላምናን ድሕነትናን ተዋሒሱ ንኡብርን ኑብዕልን ዘሎና፡ ጾማ ዝተኸፍለ ክቡር ማስዋእቲ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ክብርን መገሰን ንሰማእታት ኤርትራ ተመንዮም።

ሙፍቲ ኤርትራ ኣስዒቦም፡ መቐረት ሰላም ዝፈልጥ እቲ ምረት ኩናትን ሳዕቤናቱን ዝገንዘበ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንኹሎም ጉዳይ ውግእን ንሱ ዘስዕቦ ዕንወትን ዝኸፍሉ ኣህዛብ፡ ሰላምን ርግኣትን ክወርዶም ጸሎት ኣብጺሖም።

ሙፍቲ ኤርትራ መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ኣብ መወዳእታ፡ ብምኽንያት ዒድ ኣልኣድሓ ኣልሙባረክ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ከምኡ'ውን ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻሉ 'የሃና' ብምባል፡ ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።





ሰእለ. ኣብርሃም በየነ

# ዓንሰባ - መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ብክብ ዝበለ ማዕርግ ተባዒሉ

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ብ23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ ስታድዩም ከተማ ከረን ብልዑል ማዕርግ ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ዝርከብዎም ኣሽሓት ነበርቲ ዝተሳተፍዎ ጽንብል፡ ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣቶ ስራጅ ሓጂ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ጽንብል ናጽነት ንምድማቕ፡ ኣብ ዝተሰግረ ምረት ገድሊ፣ ዝተኸስከሰ ክብርታትን ዝተጠርየ ብልሓትን፣ ዝተራእየ ጅግንነትን ዝተኸፍለ ዋጋን ዘተኩረ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት፡ ከምኡ'ውን ካርኒቫልን ኮማዊ ዳሳትን ዘጠቓልል ሕብራዊ መደባት ክካየድ ከምዝቐየ ብምጥቃስ፡ ንተራን ኣበርክቶን ህዝቢ





ብሓፈሻ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላትን መንእሰያትን ድማ ብፍላይ መጉሰ።

ወኪል ኣመሓዳሪ ዞባ ኮሎኔል ክብሮም ንርእዮ ብወገኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ 50 ዓመታት ኣብ ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ፣ ን35 ዓመታት ድማ ኣብ ድርብ ናይ ልምዓትን መኸተን ዕማም፡ ብጽንዓቱ ናጽነቱን ህላወኡን ዘረጋገጸ ምዃኑ ብምሕባር፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን 'የሃና' ኢሉ።

እቲ ወግዓዊ ጽንብል፡ ደርፍታት፡ ግጥምታትን ድራማታትን ብዘርከቦ ስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶታት ዝተሰነየ ነይሩ።

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ኣብ መላእ ዞባ ዓንሰባ - ብኮማዊ ዳሳት፡ ቅነ ናጽነት ተመሃሮ፡ ካርኒቫል፡ ናይ ጎደና ምርኢት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ካልእን፡ ብዓቢ ወኒ ክጸንበል ቀንዩ'ሎ።

ብ22 ግንቦት ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ከረን ዝቐረበ ምርኢት ካርኒቫል፡ ብሰልፊ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ባህላውን ሰውራን ደርፍታትን መዛሙርን ብዘሓቘፈ ምርኢት ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ጉጅለ ባህሊ በረፈር ብዘቐረብዎ ሙዚቃዊ መደብ ደሚቑ ነይሩ።

## ዜና

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ጽንብል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ተኻዪዱ

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብ23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣብ ቀጽሪ ወደብ ዓሰብ ብምዕሩግ ኣገባብ ተጸንቢሉ።



ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምን ሰልጣን ራሒይታ ዓብደልቓድር ዳወድን ዝርከብዎም ናይ ክብሪ ዕዱማት ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ብዕላቕት ዝተኸፋፈለ ምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ ሓይልታት ምክልኻልን ሓይልታት ፖሊስን፡ ምርኢት ጀላብ፡ ከምኡ'ውን ባህላውን ስነ-ጥበባውን ዕዮታት ቀሪቡ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ነዛ ክብርቲ ዕለት ክወንነ ንምግባር ዝተኻየደ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ፡ እልቢ ዘይብሉ ባህግታት ዘኸለፈ፣ መስዋእቲ ህይወት ዝሓተተ፣ ስድራቤታት ዝቤታተኻን ኣካላት ዘሰንከለን'ኳ እንተኾነ፡ መወዳእትኡ ግን ከም ህዝቢ ክብረትን ሓርነትን ዘናጸፈና ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ኣብ ዝሓሸ መድረኽ ደብዓል ምህላዉ፡ ድርብ ሓጎስን ሓበንን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ተራ ኩለን ኣካላትን ህዝብን ኣብ ምድማቕ በዓላት ዕዙዝ ከምዝነበረ ዝሓበረት ኢደ-መንግስቲ ኣመሓዳሪት ሸማግለ በዓላት ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ብወገና፡



ነብርቲ 30 ምምሕዳራት ከባቢ ምስ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ብሓባር ብልዑል ደምቀት ከምዝጸንበልዎ ብምጥቃስ፡ እዚን ካልእን መደባት፡ መርኣያ ናይ'ቲ ንናጽነትናን ልኡላውነትናን ዝኸፈልናዮ ዋጋን ዘለና ክብረን ከምዝኾነ ኣፍሊጣ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ህዝቢ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ዓሰብ ብ22 ግንቦት ኮማዊ ዳሳት ብምትካል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብዓቢ ደምቀት ኣብዒሉ።

# ጽንብል ናጽነት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብድምቀት ተባዒሉ

ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ወጻኢ ብኾነብ ዝበለ ድምቀት ተባዒሉ።

ዛጊት ዝበጽሓና ዜና ከምዝመልክቶ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ጁባ - ደቡብ ሱዳን፡ ቬና - ኦስትርያ፡ ኦክላንድን ፊላደልፍያን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ከምኡ'ውን ኤድመንተን - ካናዳ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብልዑል ማዕርግ ጸንቢሎም።

እቲ ጽንብል፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረ-ኮምን ካብ ኡጋንዳ ዝመጸት ጉጅለ ባህሊን ብዘቕረብዎ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መደባት ደሚቑ ነይሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራዊ ማሕበረኮም ኣብ ቬና - ኦስትርያ እውን፡ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያንን መሓዙት ኤርትራን ኣብ ዝተረኽብሉ ብ23 ግንቦት ድሙቕ ጽንብል ናጽነት ኣካዪዱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኦክላንድ - ካሊፎርንያ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ሓድነትን ስኒትን ብዝገልጽን ምስ ሃገሮም ዘለዎም ምትእስሳር ብዘደልድልን፡ ከምኡ'ውን ንጽባቐ ብሄራትና ብዝውክል መሰናድኦታት ድሙቕ ጽንብል ኣካዪዶም።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣይሮፖርኮሰት፡ ሃሪስበርግን ላንካስተርን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ከምኡ'ውን ሞስኮ - ሩስያ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብድምቀት ተባዒሉ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊስ 125013 - ቊሳጶ 1284




ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ - ከተማታት ጆሃንስበርግ፡ ደርባንን ራስተንበርግን ዝነብሩ ዜጋታት ብ23 ግንቦት ኣብ ዘካየድዎ ጽንብላት፡ ምስ ሃገሮም፡ ታሪኾምን ባህሎምን ዘለዎም ምትእስሳር ብምድልዳል ኣበርክቶኦም ከምዝዕዝዙ ኣረጋጊጾም።

ኣብ'ተን ካልኦት ከተማታት ድማ፡ ኣቦ-መንበራት ማሕበረኮማት መልእኽቲ ናጽነት ከምዘቕረቡ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ኣቢጃን - ኣይቮሪኮስት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ንስኢቶምን ጥምረቶምን ዘንጸባርቕ ስነ-ስርዓት ብምውዳብ፡ ህያብ ስዉኣትና ዝኾነት ናጽነት፡ ሕድሮም ብምትግባር ንምብልጻጋ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ እጃሞም ከምዘበርክቱ ኣረጋጊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ሞስኮ - ሩሲያ ብ24 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ኣባላት ኤምባሲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ'ታ ሃገር ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቶም ዝከታተሉ ዘለዉ መንእሰያት ከምእተሳተፉ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣምባሳደር ጴጥሮስ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንትርጉምን ርዝነትን ናጽነት ኤርትራን ስለኣ ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋን ብምጥቃስ፡ ወለዶታት ነዚ ብዝግባእ ተገንዚቦም፡ ንምዕቃብን ብልምዓት ንምሕላዉን ብልዑል ንቕሓት ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ፍጻመ፡ ወግዓዊ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ዋሽንግተን-ዲሲ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብ24 ግንቦት ኣብ ኤርትራዊ ባህላዊ ማእከል ብልዑል መዓርግ ተባዒሉ።

ኣብ'ዚ ኣስታት 3 ሽሕ ህዝቢ ዝተሳተፈሉ ጽንብል፡ መንእሰያትን ቈልዑን ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ቋንቋን መንነትን ኣዳል፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ጉጅለ ባህሊ "ባህልና"፡ ንናይ ትሽዓተ ብሄራትና ትልሂትን ኣልባሳትን ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣቕሪቦም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት፡ ኣብ ውሸጥን ወጻእን ንዝነብር ህዝብናን ጅግና ሓይልታት ምክልኻሉን ኣብ ዘመሓላለፎ ናይ የሃና መልእኽቲ፡ ናጽነት ኤርትራ - ብዘይንቕነቕ ጽንዓት፡ ዘይርብርብ ተወፋይነት፡ ከምኡ'ውን ዘይደክም ኒሕን ጅግንነትን ዝተረኽበት ህያብ ሰማእታትና ስለዝኾነት፡ ንዘንተእለት ብግብራዊ ስራሕ፡ ተወፋይነትን መስዋእትን ከቢራ እትነብር፡ ትእምርቲ ህላወናን ሃገራዊ መንነትናን ከምዝኾነት ገሊጹ።

እቲ ጽንብል፡ ስሙያት ድምጻውያንን ሙዚቀኛታትን ዝሓቖፈት ጉጅለ ብዘቕረብዎ ባህላዊ ምርኢት ደሚቑ ነይሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዋሽንግተን-ዲሲን ከባቢኣን ንሰሙን መመላእታ ክካየድ ዝቐነየ መደባት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ኤምባሲ ኤርትራ ብ21 ግንቦት፡ 120 ኣምባሳደራት፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ከምኡ'ውን ሱብ-መዚ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካን ኣዕሩኽ ኤርትራን ዝተሳተፍዎ እንግዶት ኣካዪዱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ዕለት - ኤርትራውያን ነበርቲ ዋሽንግተን-ዲሲን ከባቢኣን፡ መካይኖም ብጥንዴራን ጭርሖታትን ሰሊሞም፡ ልዕሊ 16 ኪሎ-ሜተር ዝሸፈነ ጉዕዞ ከምዘካየዱ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራዊ ማሕበረኮም ኣብ ሃሪስበርግን ላንካስተርን - ፐንሲልቨንያ፡ ብ23 ግንቦት መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብምዕሩግ ኣገባብ ጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ከም ባይታ ምውርራስ ባህልን ክብረታትን ዝተወደበ መደብ፡ ቈልዑን መንእሰያትን ብብዝሒ ተሳቲፎም ነይሮም።

ሪፖርታዥ

# ኮማዊ ዳሳትና፡ ቅርዓት ሓድነትን ጥምረትን

ዳንኤል ወልዱ
ኣ/ዜኤ - ዞባ ማእከል
ስእሊ፦ ሳሙኤል ንጉሰ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ነታ ኣሸሓት ደቁ ከፊሉ ዘምጽኣ፡ ርእሰ ኩሉን በዓሉ ዝኾነት መዓልቲ ናጽነት፡ ካብ እዋን'ታ መላእ ሓርነት ዝተጎናጸፈላ 24 ግንቦት 1991 ኣትሒዙ ዓመት መጸ ብዘተፈላለየ መሰናድኡታት እዩ ዘጽንብላ፡፡ ከም ኣካል ናይቲ ዝቐጽል መደብ፡ ጽንብል ድማ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ሃይማኖትን ብሄርን፡ ካብ ህጻናት ክሳብ ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ ብሓደ ኮይናም ኮማዊ ዳሳት ብምትካል፡ ካብ 22 ግንቦት ኣትሒዙ ክጽንብላ ቀንዮ፡፡ ንሎሚ እምበኣር፡ ናብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ተጓዒዝና፡ ብዝዕባ'ቲ ኣብኡ ዝተኻየደ ጽንብል ናጽነት ዘዳለናዮ ትሕዝቶ ናባኹም ንብሎ - ሰናይ ንባብ፦

ቀዳማይ ናብቲ ዝበረ ደሙቕ ጽንብል ምስጋርና፡ ምስ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ቁሩብ ክንላለየኩም፡፡ እዛ ንኡስ ዞባ፡ ሓንቲ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ማእከል ኮይና፡ ምስ ዞባታት ጋሽ ባርካ፡ ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ትዳወብ፡፡ ኣብ 17 ምምሕዳር ከባቢታትን 28 ዓድታታን ዝተጠርነፉ ኣስታት 12 ሽሕ ነበርቲ ድማ ኣለዉዋ፡፡ ዝበዝሑ ነበርታ ብማሕረስ ዝመሓደሩ ኮይኖም፡ ውሑዳት ድማ ኣብ ሸቐለት ዝተዋፈሩ እዮም፡፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ 30 ናይ ቅድመ ትምህርቲ፡ 19 መባእታ፡ ሸውዓተ ማእከላይ፡ ሰለስተ ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃሩ 16,186 ተመሃሮ ኣለዉ፡፡

ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ምስ እንምልከት፡ ብጠቕላላ ሸውዓተ መደበራት ጥዕና ክህልዋ ከለዋ፡ ሓንቲ ካብኣተን ማእከል ጥዕና እያ፡፡ እዘን ትካላት ጥዕና ንነበርቲ



ብበዓድታቱ ኣብ ሓደ ተኣኪቡ ንዕለተ ናጽነቱ ዝጽንብለሉ - ብደረጃ ንኡስ ዞባ 30 ዳሳት ከም ዝተተኽለ ገሊጹልና፡፡

በዚ መሰረት፡ ነተን ዝተተኽላ ዳሳት ንምዕዛብ ጉዕዞና ኣብ ዝቐጸልናሉ፡ ብመጀመርያ ዝኸድናያ ዓዲ - ዓደ-ኮሉም እያ ነይራ፡፡ ነበርቲ ናይታ ዓዲ ኣንገሆም ኣብ ቅርዓት ዓደም ብምትእኽኻብ፡ ተመሃሮ ንናጽነት ዝገልጽ መዛሙር እናኣስምዑ፡ ኣደታት ቡቲ መረዋሕ ድምጸን ንናጽነትን ነቲ ናጽነት ዘምጽኡ ተጋደልቲ እናመጎሳ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ድማ ተሰሪዖም ብመዝሙርን ሽብሽቦን ናብቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ትምህርቲ ናይቲ ዓዲ ዝተተኽለ ዳስ እዮም ኣምሪሖም፡፡

ኣብቲ ዳስ ጻዕዳ ክዳውንቶም ለቢሶም ብፍሱህ መንፈስ ካብ ዘወዛውዙ ዝበቑ ሓደ፡ ኣቶ መሓርዝጊ ጉብረገርግሽ ኮይኖም፡ ማይክሮፎንና ምስ ኣቕረብናሎም፡ "ናጽነትና ብትካቦ ዝመጸት ኣይኮነትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብጽንዓቱ፡ ብሓድነቱን ብሓያል መራሕነቱን ኣንጻር ግዝኣት ተቓሊሱ ናጽነቱ ከም ዝረኸበ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ድማ እተን ብቑጠባ ዝማዕበላ ሃገራት

እዩ" ክብሉ ርእይቶኦም ሂቦምና፡፡

ቀጺልና፡ ናብ ዳስ ከምርሓ ንዝረኸብናዮም ኣቶ ማእከለ ወልደማርያም ኢና ርእይቶኦም ከካፍሉና ተወኪስናዮም፡፡ "ናይ ሎሚ ዓመት መዓልቲ ናጽነትና፡ ነቶም ኣዚ ብርሃንዚ ክንርኢ ዘብቅዑና ሰማእታት እናዘከርና ብውዕዉዕ መንፈስ ንጽንብላ ኣለና፡፡ ናይ ሎምዘበን በዓልና፡ ከምቲ ቴማና ዝሕብሮ፡ ብሳላ ጽንዓትና ህላወናን ልኡላውነትናን ሳላ ዘውሓስና፡ ነቲ ኣብ ልዕሌና ተብዩ

ብሓደ ሓብሮም ክለዉ፡ ንዝተቐረበ እኽለ ማይ ሓብሮም ክቋደሱን ጸንሒናሞ፡ "ለካ ህዝቢ ኤርትራስ ሓይሉ ኣብ ሓድነቱ እዩ..." እናበልና ተምሳጥና ገሊጽና፡፡

ስምዒታቶምን ጦብላሕታኦምን ንኽገልጹልና፡ ንገለ ካብ'ቶም ኣብቲ ዳስ ዓሲሎም ዝበሩ ደቂ ዓዲ ኣዘራሪብናዮም ነይርና፡፡ ነባሪ ናይ'ቲ ዓዲ ዝኾኑ ተጋዳላይ እስጢፋኖስ ዑቕባሚካኤል ድማ ሓደ ካብኣቶም ኮይኖም፡ "ናጽነትና ደም ከፊልና ኢና ኣምጺእናያ፡፡ ዓመት መጸ ነዛ ረዛን ዕለት እዚኣ ኩበዕል እንኽለኹ፡ ነቶም ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዑና ዝሓለፉ ሰማእታትና እየ ዝዝክር፡፡ ሕጂ ከኣ ኩሉ ዜጋ ሓድነቱ ኣትሪሩ ንዛ ህያብ ስውኣትና ዝኾነት ናጽነት ክዕቅባ ይግባእ" ክብል ርእይቶኡ ኣካፊሉና፡፡

ኮሚሲ ዳስ ዓዲ ደፈረ እውን ካብ'ተን ዝተዛወርናየን ዳሳት እያ ነይራ፡፡ ኣብቲ ዳስ፡ ከቦሮ ሐዘን ብወኒ ክለሃያ ዝረኸብናየን ወይዘሮ ትምኒት ጉብረክርስቶስ፡ "ኣደታት ኤርትራ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ንተጋደልቲ






ዝምሃበን ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝርከብ ዘለዋ ኮይነን፡ ኣብ መጻኢ ምስ ብዝሒ ህዝቢ ናይቲ ንኡስ ዞባ ዓቕመን ክድረኻ ስለ ዘኽእል፡ ነታ ዘላ እንኮ ማእከል ጥዕና ናብ ኮማዊ ሆስፒታል ንምዕባያ መደብ ኣሎ፡፡

ናብቲ ብ23 ግንቦት ዝበረ ጽንብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳሳት ምስ እንምለስ፡ ብመጀመርያ ርእይቶኡ ክህበና ዝተወከስናዮ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ጉብረመስቀል እዩ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ነቲ ጽንብል ንምድማቕ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ምድላዋት ክካየድ ምጽንሑ፡ ከም ኣካል ናይቲ መደብ ድማ ኩሉን ዓድታት ዝሳተፍኦ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ከም ዝተኻየደ ብምሕባር፡ ህዝቢ

እንክይተረፉ ብሓጎስጎስ እናኾዱ ንሕና ግን ብሊያላን ሃገራት ንዝተበየኑልና እጉዳታት በዓህና ብርግኣት ንሳዓዝ ኣለና፡፡ እዚ ድማ ውጽኢት ጽንዓትና




ዝበረ እጉዳ ከም ዝለዓል ሳላ ዝገበርና፡ ብድርብ ሓጎስ ኢና ንጽንብላ ዘሎና፡ " ኢሎምና ድማ ናብቲ ፋሕፋሕ ዝበል ዝበረ ዳስ ሓድነትን ፍቕርን ኣተዉ፡፡

ኣብ ኮማዊ ዳስ ዓዲ-ትሎም ንዝተቐረበልና ሸሻይ ምስ ተቋደስናን ኣብኡ ኣብ ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ናይ ምዝንጋዕ መደባት ምስ ተኻፈልናን ብቐጥታ ናብ ሸማንገስ ታሕታይ ኢና ኣምሪሕና፡ እቲ ኣብ ኮማዊ ዳስ ዝጸዮም ዝበረ ሃገራዊ ደርፍታት ከኦ ገና ናብቲ ዓዲ ቅልቅል ክንበል እንከለና ኣትሒዙ ተቐቢሉና፡፡ ናብቲ ዳስ እናቐረብና ኣብ ዝመጻእናሉ ድማ ኣብ ከባቢ ናይቲ ዳስ ብሓጎስ ዝፅንደሩ ህጻናት ተቐቢሎምና፡፡ ናብቲ ዳስ ቅልቅል ምስ በልና ከኦ መንእሰያት፡ ኣደታትን ኣቦታትን

እኽለ ማይ እናቐረብናን እናዕቖብናን ሃገራዊ ግቡእና ፈጺምና ኢና፡፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ኣብ ልምዓት ሃገርን ምውሓስ ልኡላውነት ሃገርን ኣብ ምስታፍ ንርከብ ኣሎና - ኾኖውን ተሳቲፍና ብዘሓየለ ክንቅጽሎ ኢና፡" ድሕሪ ምባል፡ ከበሮአን እናደሰቓ ናብቲ ዝኾለፍናየን ዕመር ጓይላ ተመልሳ፡፡

ኣሰዪብና፡ ክንወከሶ ዓይንና ዘውደቕናሉ ተሳታፊ ናይቲ ጽንብል፡ ምርኩስ ተደጊፉ ካብ ዳስ ክወጽእ ዝረኸብናዮ ስንኩል ተጋዳላይ ሓየሎም ርስቱ ዝተባህለ እዩ ነይሩ፡፡ ከምዚ ክብል ድማ ስምዒታቱ ኣካፊሉና፡ "እታ ኣካለይ ዝኸፈልኩላ ናጽነት፡ ህዝቢ ብሓጎስን ደስታን ክጽንብላ ከርኢ እንክለኹ፡ ብቓላት ክገልጾ ዘይክእል ሓጎስን ደስታን ኩርዓትን እዩ ዝስምዓኒ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ምስ መራሕነቱ የሓና ክብሎ እፈቱ፡፡"

ኣብ መወዳእታ ዝበጻሕናዮ ኮማዊ ዳስ፡ ናይ ዓዲ ገረሚ እዩ ነይሩ፡፡ ብደቂ ዓዲ ተሰሪና ናብቲ ኣብ ቀጽሪ ምምሕዳር ናይታ ዓዲ ዝተሰርሐ ዳስ ምስ ኣተና፡ ካብ ህጻናት ክሳብ ብዕድመ ዝደፍኡ ሸማግለታት ተሓዋዊሶም ብፍሱህ መንፈስ ክለዉን ካብ ዘዳለውዎ እኽለ ማይ ክቋደሱን እዮም ጸኒሖምና፡፡ ኣብ ኩሉን ዝበጻሕናየን ኮማዊ ዳሳት፡ ክንጽ ዕልልታን ትልሂትን ምቁዳስ እኽለ ማይን ዝተዓዘብናዮ ሃገር እንተ ነይሩ፡ እዚ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ


ኣቶ ሓየሎም ርስቱ


ኣቶ እስጢፋኖስ ዑቕባሚካኤል


ኣቶ መሓርዝጊ ገብረገርግሽ


ወይዘሮ ትምኒት ገብረክርስቶስ


ኣቶ ተኽለማርያም ገብረመስቀል


ኣቶ ማእከለ ወልደማርያም

ናይ ዓለም መውዳድርቲ ክርከቦ ይኽእል'ዩ ዘይበሃሎ ፍሉይ ሓድነትናን ጥምረትናን ዘያዳ ካልእ ግዜን ቦታን ኣብኡ ክንጸብረቕ ምኽኣሉ እዩ፡ ከም ኤርትራውያን መጠን ድማ ኣዚና ተሓቢንናን ኮሪዕናን፡፡

**ርሑስ ቅንያት ናጽነት!**

# ኮማዊ ዳስን ገስጋስ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ

የናታን የዕብዮ
ኣ/ዜ/ኤ - ማእከል
ስእሊ - ሳሚኤል ንጉሰ

ንመበል 35 ዓመት ናጽነትና ንምጽንባል ዝተኻየደ ኮማዊ ዳስ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ብልዑል ሃገራዊ መንፈስ ተጸንቢሉ ወዲሉ። ህዝቢ ድማ ዓቢኡ ንእሽቶኡ፡ ብሓለፍቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ሓለፍቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ጥዕና፡ ትምህርትን ሕርሻን ተሰንዩ፡ ኣብ'ተን ንጽንብል ናጽነት ዝተተኽላ ኮማዊ ዳሳት፡ ካብ 22-24 ግንቦት ምሉእ መዓልቲ ክሕጎስን ክዘናግዕን ወዲሉ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ኣብ'ቲ ኮማዊ ዳስ ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ቃል፡ "እዚ እነስተማቕሮ ዘለና ናጽነትን ራህዋን ብሶላ መስዋእትን ጅግንነትን ብሉጻት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዝረኸብናዮ ስለ ዝኾነ ልዕሊ ዝኾነ ዝዓበየ ትርጉምን ረዚን መልእኽትን ዝሓዘ እዩ" ብምባል፡ ንፍሲ ወከፍና ሓላፍነት መኸተን ህንጸት ሃገርን ዘሰክም ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ መሓሪ ኣሰዒቡ፡ ውረድ ደይብ ቅርጺ መሬት ዘለዎ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብ ኣፍንጫ ጸላኢ ዝርከብ ብምንባሩ፡ ከም ስትራተጂያዊ ቦታ ተወሲዱ፡ ብዙሕ ምንቅስቓስ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተኻየደሉ ከም ዝነበረ፡ ህዝቢ ናይቲ ንኡስ ዞባ ድማ ንወገናቱ እናሓብሓበን እናተሓባበረን ኣብ ምምጻእ ናጽነት ልዑል ዋጋ ከም ዝኸፈለ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ ምዃኑ ሓቢሩ። ሕጂ ከኣ ኣብ 32 ዓዲታት ዝቕመጥ ዘሎ ህዝቢ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ኣብ 17 ምምሕዳር ከባቢታት ኮማዊ ዳሳት ተኺሉ፡ ንዝመጽእ ወለዶ ሕድሪ ብዘሰክም ምዕሩግ ኣገባብ ናጽነቱ ከበዕል ምውዓሉ፡ ሓበን ከም ዝሰምዖ ገሊጹ።

ኮማዊ ዳሳት ናጽነትና፡ ክንዮ እኽሉ-ማይ ኣዳሊኻ ምብላዕን ምስታይን ከምቲ ብሓባር ዝተቓለስናዮ፡ ብሓባር ኮይንና ሓድነትናን ሃገራዊ ፍቕርናን እንገልጸሉ



ኣቶ ሃብተማርያም ኣመናይ

ኢጋጥሚ እዩ። ኣብ ምምጻእን ምዕቃብን ናጽነት ዝተኸፈለ መስዋእትን ዝወሰዶ ግዜን እናስተንተንና ከኣ ዝተሰከምናዮ ሕድሪ እናዘከርና፡ ሕጂ'ውን ጽንዓትና ዋሕስና ምዃኑ እንዘኻኽረሉ ዕለት'ዩ።

ኣመሓደርቲ ከባቢታት ጸሎትን ኣባርዳእን ዓዲ-ጓዕዳድን ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ ተረኺቦም ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ንመዓልቲ ናጽነት፡ ሕሩድን እኽሉ-ማይን ብምድላው፡ ኣብ ስሉም ዳሳት ብኸምዚ ዝኣመሰለ ምዕሩግ ኣገባብ ምጽንባሎም ዝተሰምዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ እዚ ሓጎስን ደስታን ከኣ ክቡር መስዋእትን ጅግንነትን ተኸፊሉዎ ዝመጽአ ስለ ዝኾነ፡ መዓልቲ ናጽነትና ንዘልኣለም ትንበር ኢሎም። ነርቲ ንኡስ ዞባኦም ከኣ፡ ነዚ ዕለት ንምምዕራግ ብኣወሃሃድቲ ሽማግለ በዓላትን ምምሕዳራት ንኡስ ዞባን ዝተወጸኦም መምርሒ ተኸቲሎም ዝርኣዩዎ ተገዳስነትን ልዑል ናይ ምትሕብባር ዓቕምን ምስጋናኦም ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ጸሎት፡ ኣባርዳእን ዓዲ-ጓዕዳድን ኣብ ዝተተኽለ ኮማዊ ዳሳት፡ ኢጋይሽ ኣብ ምእንጋድ ዝወዓሉ ኣባላት ኮሚቴ'ውን ርእይቶታቶም ሂቦምና'ዮም። ንሳቶም፡ ህዝቢ ኤርትራ ብምስሊ ሓድነቱ ዝለለ፣ ሓዲ-ልቢ ዝውንን፣ ኣብ ግዜ ኩናትን ሰላምን ነጋሪትን ጻውዒትን ዘየድልዮ ምዑት ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ብሶላ ቅሉዕ መሪሕነትን ዘይጸዓድ ሓይልታት ምክልኻልን ግንባርን ኣንፈት መጺኢ ምዕባለ ሃገርና፡ ምስ ትሰፋው ሰላምን ኲናት ጎደና ምዕባለን ተጠቂምካ ኩሉ ዓይነት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኸውን ከምዘኽኣሉ ገሊጾም።

ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ዓይነት ምዕባለ ደቂ-ሰብ ምዃኑ ዝገለጸ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ መምህር ዳኒኤል ሰለሙን፡ ህዝባዊ ግብር ካብ ግዜ ቃልሲ ኣትሒዙ ናጽነት ንምምጻእ ኣብ ዝካየዶ ዝነበረ ቃልሲ፡ ኣብ ድሕሪ መስመርን ሓራ ቦታታትን "ዝይተማህረ ይማሃር ዝተማህረ ይምሃር" ብዝብል ዕላማ፡ መደብ ማሃይምነት ንምጥፋእ ከም ዝሰርሐ ሓቢሩ። ኑቲ ኣብ ሜዳ ዝጀመሮ ወፍሪ ምጥፋእ ማሃይምነት፡ ኣብ 06 ዞባታት ሃገርና ብዝለዓለ መልክዑ ምቕጻሉ ከኣ ህያው ኣብነት ናይዚ ብሉጽ ስራሕ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ዞባ ማእከል ማሃይምነት ንምጥፋእ ብዝተኻየደ ጻዕሪ እቲ ቅድሚ ናጽነት 18% ዝነበረ ምጥፋእ ማሃይምነት፡ ኣብ 2016 ብዝተኻየደ ዞባዊ መጽናዕቲ፡ 95 ሚእታዊት ካብ ነርቲ፡ ማሃይምነት ከም ዘጥፍኡ ኣረዲኡ። ብደረጃ ንኡስ ዞባ ከኣ፡ ኣብ 2017 ናጻ ካብ ማሃይምነት ክእወጅ ከምዝተኻእለ፡ መምህር ዳኒኤል ወሲኹ ሓቢሩ። እዚ ውጽኢት ናብ 100% ንምቕራብን ከምኡ ድማ ደግሲ ከየጋጥምን ብማለት ከኣ ኣብ ትሸዓተ ዓዲታት 9 ኮማዊ ኣብያተ ንባብ ከም ዝኸፈታ ከም ዝተጉበረ ሓቢሩ። ኣብ'ተን ቤት ንባብ ዘለወን ዓዲታት ሕምብርቲ፡ ክትሞኣውሉ፡ ዓዲንማጻሎ፡ ዝዮዙቤ፡ እምባይቶ፡ ዓዲ ጸናፍ፡ ዳዕሮ-ጳውሎስ፡ ጸሎት፡ ግልዕን ድማ ኣስታት 11,553 መጻሕፍቲ ከም ዝርከባ፣ ኣብ ዓመት ከኣ 17320 ተጠቀምቲ ከም ዘለው ኣብሪሁ።

ኣብ ዝመጽእ ዓመት ትምህርቲ 2026/2027 ብደረጃ ንኡስ ዞባ ንመሃይምነት ዝምልከት መጽናዕቲ ክግበር መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ዝሓበረ መምህር ዳኒኤል፡ ሕሰም መግዛእቲ ክሳብ ክንደይ መሪርን ደቓሲን ምዃኑ ብምምልካት፡ ኣብ 32 ዓዲታት ናይዚ ንኡስ ዞባ ዋላ ሓንቲ ትኹን ቅድመ ትምህርቲ ከም ዘይነበረት፣ ሎሚ ግን ሳላ ልዑል ጠመተ መንግስቲ ብርክት ዝበላ ዓድታት ተጠቀምቲ ክኾና ከምዝኸኣላ ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ፡ ኣብ'ዚ ውሽጢ 35 ዓመታት፡ 51 ቅድመ ትምህርቲ በጺሑ ኣሎ። ኑቲ፡ ህጻናትና ካብ 1 ኪሎ ሜትር ንላዕሊ ክጎዓዙ የብሎምን ዝብል መምርሒ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ግብሪ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብ'ዚ ክጥቀስ ዘለዎ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርቲ እናበረኸ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ዓመታዊ ካብ 3000 ክሳብ 5000 ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ቅድመ ትምህርቲ ይምዝገቡ ኣለው።

ንመባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ኣመልኪቱ መምህር ዳኒኤል፡ ካብ 32 ዓድታት ኣብ 17 ዓድታት ክሳብ 4ይ ክፍሊ ብኣዝዩም ውሑዳት ተመሃሮን መማህራንን ክምሃር ዘፍቅድ ዘይፍትሓዊ መግዛእታዊ ሰረት ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ኣብ 35 ዓመታት ገስጋስ ብሚእታዊት ክርአ እንከሎ ቀጽሪ ኣብያተ ትምህርቲ ብ170% ዓቢዩ፡ ቀጽሪ ተመሃሮ ድማ ብ718% ዓቢዩ። ኣብቲ ንኡስ ዞባ 51 ናይ ቅድመ ትምህርቲ፡ 18 መባእታ፡ 8 ማእከላይ ደረጃ፡ 3 ካልኣይ ደረጃ ብድምር 81 ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። እዚ ከኣ ውጽኢት ናይ 35 ዓመታት ናጽነት እዩ።

"ቅድሚ ናጽነት፡ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣይነበረን። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ናይተን ማእከላይ ደረጃ ዘለወን መጉብቲ ዓዲታት፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዝህባ ሰለስተ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ብዘመናዊ መልክዕ ተሃኒጸን ግቡእ ስርሐን ይሰርሓ ኣለዋ" ኢሉ።

ኣብ መደምደምታ መምህር ዳኒኤል፡ እዛ ብኣሸሓት ሰማእታት ዝተረኸበት ናጽነት፡ ህዝቢ ግቡእ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ክረክብ ብሩህ መጻኢ ክህልዎን ዝዓለመ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ሕጂ'ውን ስሉዕዊ ዝምድና ብምሕያል ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ኰፊሎም፡ ኣብ ሃገራውነቶም ተወፊዮም፡ ከምኡ'ውን ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዓጢቖም፡ ሃገሮም ኣብ ምህናጽ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ኣቶ ዓንደሚካኤል ፍረ ብወገኑ፡ ብኢጋጥሚ'ቲ ጽምብል ናጽነት፡ ንሓፈሻዊ ድሕረ ባይታ ናይ'ቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝተሰላሰለ ኣገልግሎት ጥዕና'ዩ ገሊጹ። ንሱ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ዓዲ-ጓዕዳድ፡ ሕምብርትን ማይ-ነፍሒን ዝተደኮና ሰለስተ ማእከላት ጥዕና ከምዝለዋ ብምሕባር፡ ኣብ ኩትሞ-ኣውሊዕ ዓዲ ሓውሻ ጉልዕን ድማ ሰለስተ መደብራት ጥዕና ከም ዝርከባ ኣረዲኡ። ኩለን ድማ ንልዕሊ 67 ሽሕ ህዝቢ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ከም ዝርከባ ብምግላጽ፡ እዚ፡ ውጽኢትን ራህዋን ናጽነት ምዃኑ ኣብሪሁ። ብዘይካ'ዚ፡ እተን ትካላት ጥዕና፡ ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት፡ ክትትል ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ክታበት ቆልዑን ደቂ-ኣንስትዮን፡ ክትትል ዕብየት ህጻናት (ስ-መግቢ)፡ ምክትታል ተመላለስቲ ሕማማት ናይ ዓበይትን ንኣሽቱን ክትትል ሕዱር ሕማማት፡ መርመራ ኤች ኣይቪ፡ ክሽሮ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣገልግሎት ላብራቶርን ፋርማሲን ዝሀባ ከም ዝኾና ሓቢሩ።

ዓቕሚ ሰብ ናይ'ቶም ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከቡ ሞያውያን ድማ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ 91 ቴክኒካል ኣባላትን 113 ተሓጋገዝቲ ኣባላትን - ብጠቕላላ 204 ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። ንሕማማት ዓሶ፡ ወደቦን ዓባይ ሰዓልን ዝኩታተሉ፡ ብርክት ዝበሉ ኣሳልጥቲ ኣገልግሎት ጥዕና ከም ዘለዉ ድማ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ኣቶ ሃብተማርያም ኣመናይ'ውን ኣብ'ቲ ኮማዊ ዳስ ተረኺቡ፡ ንሓፈሻዊ ድሕረ ባይታ ንጥፈታት ልምዓት ሕርሻ ሓጺር መብርሂ ሂቡ'ዩ። ንሱ፡ ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ናጽነት፡ 528 ሜትር ከብክ ከትርታት ብእምንን 18 ሜትር ከብክ ከትርታት ብቸሚንቶን ከም ዝተሰርሐ ጠቒሱ፡ እዚ ድማ ኣብ ምስሳን ምህርቲ ሕርሻ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዝበረ ገሊጹ። ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ቅድሚ ናጽነት 15 ዲጋታትን ራህያታትን ክሩበራ ከለዋ፡ ድሕሪ ናጽነት ግን፡ 31 ዲጋታትን ራህያታትን ከምዝተሃንጻ ብምሕባር ከኣ፡ ኣቶ ሃብተማርያም፡ ብመስኖ ዝለምዕ ዝነበረ ሕርሻዊ መሬት ካብ 75 ሄክታር ናብ 250 ዓብዩ ከም ዘሎ ኣገንዚቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ሸሞንተ ዓሌት ኩኽን ከቦባዊ ፍረታትን ተኣታቲዮም፡ ጸቡቕ ምህርቲ ይርከቦም ከም ዘሎ፣ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዘእታተዎ ምሩጽ ኣእካል ድማ፡ ብዙሓት ሓረስቶት ተጠቀምቲ ከም ዝኾኑ ብምግላጽ፡ ብምስመር ብምዝራእ'ውን ምህርቶም



ኣቶ መሓሪ የውሃንስ

ከኻዕቡ ከም ዝጠቐሰ ሓቢሩ።

ኣብቲ ንኡስ ዞባ ከሚካላዊ ድኹዕን መድሃኒት ጸረ-ባልዕን ካብ ጠቕሙ ጉድኣቱ ከምዝዓብይ ብምግንዛብ፡ ሓያል ስራሕ ከምዝተሰላሰለ ዝሓበረ ኣቶ ሃብተማርያም፡ ዝተበላሸዐ ድኹዒ (ኮምፖስት)፡ ከምኡ'ውን ካብ ቀልቀል ደርሆ ጦኻሺ ክምስራሕ ስለ ዝጀመረ፡ ሓያሎ ሓረስቶት ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ



መም/ ዳኒኤል ሰሎሙን

ኣረዲኡ። ብኻልእ ወገኑ ፈሳሲ ድኹዒ ብምትእትታው፡ ጸረ-ባልዕ ሕማማትን ዘራእትን ንምክልኻል፡ ሓረስቶት ባዕላቶም ኣቃሚሞም ይጥቀሙ ከምዘለዉ ኣቶ ሃብተማርያም ኣመና ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ ምህርቲ ጸባ ንምዕባይ ልዕሊ 200 ናይ ጸባ ከብቲ ኣብ 14 ዓዲታት ክዕደል ከሎ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ደርሁ ካብ ደገ ብምእታው፡ ምስ ናይ ገደና ደርሁ ብምድቓል ፍርያምነት እንኳቕሖ ክዓቢ ከምዝተጉበረ፡ ምህርቲ መዓር



ኣቶ ዓንደማርያም ፍረ

ንምዕባይ'ውን፡ ብዙሓት ጋብላውን ዘመናውን ቆፎታት ከም ዝተሰርሑ ተገሊጹ። ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ጥራይ፡ 1634 ጋብላዊ ቆፎ ክሰርሑ ከለው፡ 814 ዕስለ ንህቢ ብምእታዎም፡ ብሉጽ መዓር ክፈሪ ከም ዝኽኣለ ተገሊጹ። ኣፍረይቲ ጀራዲን'ውን ኣማሪጺ ጸዓት ሶላር እናተኣታተዉ፡ ጸቡቕ ፍርያት ይሓፍሱ ከም ዘለዉ ኣቶ ሃብተማርያም ኣመናይ ሓቢሩ።

ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ሓንቲ ካብተን 16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል'ያ። ብስፍሓታ ድማ ኣብ ዞባ ማእከል ዝዓበየት ንኡስ ዞባ'ያ። ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ናይዛ ንኡስ ዞባ ድማ 392.18 ትርብዒት ኪሎ-ሜትር ኮይኑ፡ ኣብ 17 ምምሕዳራት ከቢበን 32 ዓድታትን ዝርከብ ልዕሊ 95 ሽሕ ብዝሒ ህዝቢ ይነብራ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣምና መሓመድ ሳልሕ፡ ሓፍተይ ስዩም መሓመድ ሳልሕ እሕደገ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳምያ ኣሕመድ ኢብራሂም፡ ተኸሳሲ ወረስቲ/ ኣሕመድ ኢብራሂም መሓመድ፡ ደሃይ ስለ ዘይብልና፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኢያብ ኤልያስ ሃይሉ፡ ተኸሳሲት ሰናይት ገብረሚካኤል ኣብርሃ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣክረም ጣህር መሓመድኑር ምጓል ተሪፉ፡ ኣክረም ጣህር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ማክዳ በርሀት ተኸሳሲ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃይለ ኣማኑኤል ገብረሚካኤል፡ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ብርሃነ ኣማኑኤል ባህታ፡ ኣዴና ውዳሰ ገብረዝጊ ዘርኦም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሃና ሃብተገርግሽ ክፍለሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ መርሃጽዮን ኣሮን ዓንደማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰድራክ የውሃንስ ምጓል ተሪፉ፡ ሰራክ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣስመሮም ዑቕበ ሃብተሚካኤል፡ ተኸሳሲት ጸሃይ መካዥ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ተኽለሰንበት ገብረታትዮስ ምሕጸንቱ፡ ብወከል ኣቶ ቴድሮስ ገብረታትዮስ ምሕጸንቱ፡ ኣሞይ ነፍ/ሄር ኣብርሃጽዮን ምሕጸንቱ፡ ገብረእግዚኣብሄር ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፋሒ፡ ዓዲ-ጉምባሎ ኣብ ጤሳ ዝተዋህበ መሬት 1ክፍሊ ሰራሓትሉ ትርከብ፣ እዚ መንበሪ ገዛ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ፕሎት & ፓርስል D; ኑቲ ብዕለት 21/6/26 ኣብ ቀድሚ ማሽሻኻር ለዋ ወሁቡቶ ዝኑበረትለይ ክጽቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ራህዋ መሓሪ ገብረመድህን ምጓል ተሪፉ፡ መርሃዊት የማነ ኣስበዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ለተብርሃን ተኽለሃይማኖት እንግዱ፡ ሓብተይ ገብርኤል ተኽለሃይማኖት እንግዳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሳምሶም ገብረየውሃንስ ዘርኡ ምጓል ተሪፉ፡ ሳምሶም ኀይትኦም የሃንስ ወልደሊባኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ፍሰሃየ ዘርኣብሩኽ ግርማይ ምጓል ተሪፉ፡ ፊልሞን ግርማይ ኣከሎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ማሳል ሄለን በርሀ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ደያ/መድሄ ተኽለኣብ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብቱ ሰኢሉ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ መሓሪ ኣብርሃ ሃብታይ 2.ኣቶ ግርማይ ተሰፋስላሴ ክሊብ 3.ኣቶ ብርሃነ ሳርያም ገብረሚካኤል፣ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከዋኒ ተኽልኣብ በኽረጼን፡ ብዓልቲ ቤተይ ማርታ ኣብርሃለይ ክፍለ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለወይኒ ተስፋሂወት ወልደገብርኤል ምጓል ተሪፉ፡ መርሃዊ ተስፋሂወት ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዳዕሮ ደሳለ መርሻ ምጓል ተሪፉ፡ ዳዕሮ ደበሳይ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ክፍለማርያም መንግስቱ ስብሃቱ፡ ኣቡሓጎና የሕደጎ ተላን እኖሓጎና ለተጼን ገብረዝጊ ገረሬኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ሓትኣታተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እዝራ ኢያብ በርሀ +3፣ ወለድና ቀሺ ኢያብ በርሀን ኣዴና ኤደን ፍስሃ ዑቕበን ስለዝዓረፉ፡ 4 ደቆም ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሓዳስ ገዕሽ ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ጠዓመ ተስፉ ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ልችያ በሪሁ ጸጋይ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ በርሀ መዃሾ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ጸገ ገብረትንሳኤ ዘሚካኤል፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ሚካኤል ምስዮኖ 2.ወ/ሮ ፍዮሪ ገብረእግዚኣብሄር፣ ናይ ሞግዚት ይወሃበኒ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሳራ ኣብርሃ ኪዳኑ፡ ሓፍተይ ፍረወይኒ ኣብርሃ ኪዳነ ስለዝዓረፈት፡ ወለድና መውትቲ ውላድ'ውን ስለዘይብሉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ተወልዴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፉ በርሀ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ነጋሲ ዑቕባገርግሽ ተወልዴ፡ ብፍ/በ/ማሳል ሃይለማርያም ተስፋማርያም፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት ሊድያ ሃይለ ስብሃቱ፡ ተኸሳሲ መሓሪ መካሻን ኢያሱ፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት ሊድያ ሃይለ ስብሃቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መንግስ ነጋሽ ኣስገዶም፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ሰለማዊት ኣብርሃ በየነ ምጓል ተሪፉ፡ ሰለማዊት ኣብርሃም በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለት ኣማኑኤል ክብሮኣብ ምጓል ተሪፉ፡ የሃንስ ኣማኒኤል ክብሮኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰላና ደጀን ኣሰፋው ምጓል ተሪፉ፡ ሰላና ደጀን ሰልሽቶረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወርቅሃ ፍስሃጽዮን እምባዬ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሽምብሩህ ጠዓመ ገብረሂያት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

መሓሪ ወልደገብሬኤል ክፍሉ፡ ኣቦና ወልደገብሬኤል ክፍሉ በየነ ስለዝዓረፈ፡ 5 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳሊሓ ኣሕመድ ዜን መሓመድዓሊ፡ ብዓል ቤተይ መሓመድ ማሕሙድ ዑመር ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 8 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዓብደላ እስማዒል ኢብራሂም፡ ተጸዋዕቲ 1.ኣቶ ኢሊያስ ኣሕመዲን ዓብደላ፡ 2.ወ/ሮ ሳዕድያ ሱሌማን ኢብራሂም፡ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሀያብ ተቐባሊት ወ/ሮ ኣሚና እስማዒል፡ ካብ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሳልሕ መሓመድ እድሪስ ብዕለት 5/6/2004 ብቑጽሪ መዝገብ 903/2012 ኣብ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዓዲ ቐይሕ ዘጽደቐለይ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዝርከብ 3 ክፍሊ ገዛን ሸቓቕ ክሽንን ምስ ካንቸሎ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣሰምያት በርሀ በራኺ፡ ተኸሳሲ የማነ ገብረየሰስ መሓሪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ኣበባ እማሃጽዮን ገብረዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ዓንደማሰቀል ግደ መሓሪ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓሊማ ሓሰን ሸኽ እስማዒል፡ ብዓል ቤተይ ዓብደልመናን እድሪስ ወድ ጀላል ዓብደልመናን እድሪስ ካብ 2018 ዓ.ም ኣትሒዙ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ብጊዜጣ ክእወጀለይ፡ ጥፉእ መረጋገጺ ውሳኔ ክወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

እስቲፋኖስ ዑቕባልደት ገብሩ፡ ኣቦና ዑቕባልደት ገብሩ ማይባዮት ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወልደኣብ በራኺ ጉብሩ፣ ኣቦይ በራኺ ጉብሩ ማይቡዮት ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጽልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሓዋ መሓመድ ስሌማን ፋጥና ኣንስራ ምባል ተረፋ፣ በኺታ ጅምዕ ዑቕባልደት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዶ/ር ጎደፋ ተስፋይ፡ ኣደይ ጸገወይኒ ክፍላይ ሃደለ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሙኤል መኪታር ስሌማን ምባል ተረፉ፣ ሳሙኤል መርኣድ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘርኣ ተወልደመድህን ወልደኣምላኽ ምባል ተረፉ፣ ዘርኣይ ተወልደመድህን ወልደኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ እዝግኣምን ደበሳይ ዑቕባጸዮን፡ ወደይ ፊንሓስ ሙሴ ፍስሃጸዮን ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወላዲቱ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ የዲት ወልደትንሳኤ ፋደጋ፡ ኣደይ መኣዛ ወልዲ ጉብራይ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ነጃት ዓብዱ ኣደም፡ ብሕጋዊት ወከል ኣቢላ ጀዳ እድሪስዓሊ መሰለም ተጸዋዕቲ ወ/ስቲ መሓመድ ፈደልሙሳ ጃብርተላ ዝኾኑ፡ 1.ሻምና መሓመድ ፈደልሙሳ 2.ያሲን መሓመድ ፈደልሙሳ 3.ርወይዳ መሓመድ ፈደልሙሳ 4.ራሕማ መሓመድ ፈደልሙሳ 5 ዕዙዲን መሓመድ ፈደልሙሳ 6.ሓዋ መሓመድ ፈደልሙሳ፡ ትግበረ ውዕል መሸጣ ብመወከሲ ቁጽሪ 303218 ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሓመድ ሰዒድ ሳልሕዑመር ምባል ተረፉ፣ መሓመድሰዒድ ሳልሕ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሰስቲ ወረ/ፍ ኢሳቕ ጉብረመድህን +1 ተኸሰስቲ 1. ኣብርሃም ኢሳቕ 2.ቀደሽ 4.ተስፋልደት ኢሳቕ ጉብረመድህን 5.ትብርህ ካሕሱ 6.ገዕሽ ኢሳቕ ጉብረመድህን፣ ኣብዚ ቤ/ፍ ን/ዞ ባረንቱ ብወረ/ፍ ኢሳቕ ጉብረመድህን 7.ት/ዕ ሰድ መንግስትኣብ 2.ት/ዕ ዓሰበ መንግስትኣብ፣ ናይ ምንብባር ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ጀሚላ እድሪስ ሳልህ፡ ስም ት/ዕድመ ከሪማ ሓምድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፣ ካንሳ ሓምድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ጓለይ ከሪማ ሓድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፣ ካንሳ ሓምድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳዊት ወልደኣብ ተኽለማርያም ምባል ተረፉ፣ ህያብ ሕሴን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ጸሃይ ጉብረትንሳኤ ገረመ ምባል ተረፉ፣ ጸሃይ ጉብረትንሳኤ ፍቓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሸፋ መሓመድ ሸፋ ምባል ተረፉ፣ ሸፋ መሓመድሰዒድ ሸፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍትሕያ ነጋሽ ኣደም፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ሩሚሳ ዓብደልቓድር ጀምዕ ምባል ተረፉ፣ ሩሚሳ ዓብደልቓኒ ጀምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሰዩም ካሕሳይ ጉብረዝጊ፡ ስም ኣ/ሃ/ር ኣደይ ጥኡ ይግዛው ተኽሉ ምባል ተረፉ፣ ለተብርሃን ይግዛው ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀሚል እማዒል ኣደም፡ ስም ኣደይ ፋጥና ኣሕመድ ሕሴን ምባል ተረፉ፣ ሰልጣና ኣሕመድ ሕሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጀምዓ ናፍዕ ኣሕመድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ኣሕመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፣ ሓሊማ መሓመድ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ከድጃ ሓደምባስ ዘርኢት፡ ሕ/ወከል ወ/ሮ ሰሊሙት ዑመር፡ ተኸሳሲ ኣቶ የናስ ሲላ ኣቤል፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ማህደር ናቡተ በራኺ፡ ኣደይ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት -ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ኣብዶም ኪዳነ ጉብረመድህን፡ ስም ኣደይ ጸገ ማሰል ተሰፉ ምባል ተረፉ፣ ጸገ ሰረጸይ ከተም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መጃ የውሃንስ ይሕደጉ፡ ስም ኣደይ ደመት ጉብረስላሴ ገደል ምባል ተረፉ፣ ህድኣት ጉብረትንሳኤ ስብሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ኣምና ሓምድ ማሕሙድ ምባል ተረፉ፣ ኣምና መሓመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣቡበከር መሓመድ ዓብደላ ምባል ተረፉ፣ ኣቡበከር ዓብደላ ኣቡበከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ወረስቲ ወ/ሮ ብዙ ጉብረስላሴ 1.ወ/ሮ ተብርህ ወንደም ደስታን 2.ተተካእቲ ኣ/ሃ/ር ኣቶ ጉብሩ ኣለሙ ወ/ሮ ኣብርሀት እምባዬ ሃ/ማርያም ምስ 4 ደቃን ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ከረን ዞባ 2 ምም/02 ጎደና መ,20 ቁ.ገዛ 112 ዝርከብ፡ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 302339 መወከሲ ቁጽሪ 303123 ዝተረጋገጸ፡ ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ስለ ዝጠፈኣና፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07846661 ወይ 07117420 ክትሕብሩና፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብሬቶ ካብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣባይቲ ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ርግኣት ጉብሩ ኣለሙ

---

ወ/ሮ ሰላስ ኣርኣያ ጊላሚካኤል፡ ዝተፈቐደለን ናይ ኤለትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን "ቴድሮስ ኤለትሮኒክስ" (TEDROS ELECTRONICS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ሄለን ሃብተ እስቲፋኖስ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ኤለትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን "ሄርሜላ ኤለትሮኒክስ" (HERMELA ELECTRONICS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ብሩኽ ጉብረሚካኤል ኣርኣያ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00044424 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ፋሕ ቁ.ገዛ 4 ዝርከብ ናይ ደኳንን መሸጢ ስጋን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰናይት ግርማይ ጊላሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ጨርሒ ቁ.ገዛ 97 ካብ ዕለት 07/04/2026 ክሳብ ዕለት 06/04/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ብሩኽ ጉብረሚካኤል ኣርኣያ

---

ብስም የዲት ቅዱስ ተስፋይ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00044149 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ኣብይቶ ቁ.ገዛ– ዝርከብ ናይ ደኳንን መሸጣ ስጋን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰለማዊት ስምኦን ሰርጸ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና 582-46 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

የዲት ቅዱስ ተስፋይ

# ጽንዓትና ዋሕስና!

## ጽምብል ናጽነት ኣብ ዞባ ደቡብ (መንደፈራ)














ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ-ፊልሞን ትካበ

ሪፖርታዥ

# “ሓድነትና ስጡም፡ ሽሻይና ብዙሕ” ነበርቲ 4 ኣስመራ



**ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)**

ስእሊ- ኣብርሃም በየነ

ኣብ’ዚ ዓለም ‘ናጽነት’ እትብል ቃል እንክትልዓል፡ ብርግጽ ብበዙሓት ሰባት ብዙሕ ተባሂሉን ተተንቲኑን ክኸውን ከም ዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ንብዕሊይ ኣብ ዝኾነ እዋንን ኩነታትን ብዛዕባ ትርጉም ‘ናጽነት’፡ ሕስብ ኩቡሎ እንክለኹ፡ ናብ ክምልሶ ዘይክእል ባሕሪ ሓሳብ ህልም እብል። በየን ጀሚርካ በየን ከም ትውድእ’ውን ሕርብት ይብለኒ።

ንስለ ሓርነት ዝተኸፍለ ሰብ ሽዊት ዕድመ ገዝዩት ድማ ብስእለ ኣእምሮ ቅጅል ክብሉኻ ግድነት ይኸውን። ምኽንያቱ ልዕሊ’ቲ ኣብ ፈቖዶ ኣራእርን ሰናጭሮን ንምድላያ ዝተሓልፈ ክርተት፡ ርዝከታ ስለ ዝኸበደ።



ኣመሓዳሪት ን/ዞባ 4 ኣስመራ ወ/ሮ ኣልጋነሽ ትኩእ

ዕለት 23 ግንቦት 2026፡ ህዝቢ ምምሕዳር ዞባ ማእከል“ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ዘበዓሎ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነቱ፡ ኮማዊ ዳሳት ብምትካል ብህምምሕዳር ከባቢኡ ብልዑል ሃገራዊ መዳርግቲ ክብርን ክጽንብሎ ወዒሉ። ነበርቲ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ድማ ንኽብሪ ናይቲ ዕለት ደብቅዕ’ዩ ዝበልዎ፡ ዓቢ ምድላዋት ብምግባር በዓል ናጽነቶም ብኹብ ዝበለ ስነስርዓት ጸንቢሎሞ። ህዝቢ ኣርባዕተ



በየነሽ ባርያጋብር

ኣስመራ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ሰንደቑ ኩይኑ፡ ኑቲ ትማሊ ዝኸፈሎ መስዋእቲ እናዘከረ፡ ኣብ ደንበ ምትእኽኻብ ዓሰሉ ንኽብሪ ናጽነቱ ክድንብል ወዒሉ። እዚ ድማ ክጾ’ቲ እኽሉማይ ብምድላው ዝገበር መጋርያ ኗይላታት፡ ንዘተኸፍለ ዋጋ ሓርነትን ሬዚን ሙብጽዓ ዘለክም ሕድሪ ስለዝኾኑ እዩ።

ኣብ’ቲ ድሙቕ ዕለት፡ ፈለማ ጽንብል በዓል ናጽነትና ከመይ ደብዓል ከም ዘሎ ዘዘራረብናያ ኣመሓዳሪት ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ወ/ሮ ኣልጋሽ ትኩእ እያ። ንሳ ፈለማ ኑቲ ጸሊ ዘጽንዐ ክቡር ህዝቢ ኤርትራን ኣንጸሉሑ ዝጥምት በሊሕ መሪሕነትን ንመሳርዕ ሓይልታት ምክልኻልናን “የሃና” ድሕሪ ምባል፡ ህዝቢ ምስ ሰራዊቱ ብሓደ ብዘለዎን መልክዕን ኣገዩቡን ክሕልፎ እንክሎ፡ መርኣያ ናይቲ ጭዋን ሃብታምን ባህሉ ምኻኑ ጠቒሳ፡ እዚ ከኣ ካብ ቀዳሞት ሕብረተ-ሰብና እናተወራረሰ ዝመጽአ ክብታት ምኻኑ ገሊጻ። ህዝብና ጥሙርን ስሙርን ጽኑዕን ሕቡርን ክኸውን ዝኸኣለ ከኣ፡ መሰረቱ ካብዚ ክብርታት’ዚ ከም ዝበገሰ ድሕሪ ምሕባር፡ እዚ ጸጋታት’ዚ፡ ብልክዕ ኣብዚ ሃገራዊ በዓልና ብዮጉብሪ ኣብ ባይታ ይትርጎም ስለ ዘሎ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣዚና ዕድለኛታትን ኩሩዓትን ምኻንና ሓቢራ። ንሳ ብምቕጻል፡ ናጽነትና ደገምና ብደምና ክንዕቅባ ዝኸኣልና፡ ሳላ’ቲ እናተሰጋገረ ክመጽእ ዝጸንሐ መኸተ ታሪኻዊ ወርሻታት ምኻኑ ብምግንዛብ፡ እዚ ዓዲ’ዚ ብኣዕጽምቲ ሰማእታት ዝተሓጽረ ሕፋርን ሕዙእን መሬት ምኻኑ ገሊጻ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ወሲኻ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ኣገዶ ዕንቱስን ጽኑዕን ምኻኑ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ዝዩኖፎ ጉዳማዊ ተጻብኦታትን ሽርሒታትን ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ብዝሓየለ መንፈስ መኪቱ ከም ዘፍሸለ ሓቢራ። ንሳ ኣብ መወዳእታ፡ ናጽነት ናይ’ዛ ሃገር ዘምጽኡን ዝዕቀቡን መንእሰያት እዮም። መንእሰያትና ምኽሪ ዘድልዮም’ኳ እንተ ዘይኮኑ፡ ከም ዝሓለፈ ቅያን ጅግንነትን ሃገሮም ካብ ተጻየት ንኽከላኸሉ ዕጥቂ ንቕሓቶም ክብ ከብሉ ከም ዘለዎም መልእኽታ ኣመሓላሊፋ።

ቀጺልና ሃዋህው ጽንብል በዓል ናጽነት ከመይ ደብዓል ከም ዘሎ፡ ትሕዝቶን ምድላዋቶምን ከመይ ከም ዝመሰልን ፍሉይነት ኣበዓዕላ ናይዚ ዓመት እንታይ ምኻኑን ዝተወከሰናያ ወከል ሃ.ማ.ደ.ኤ ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ወ/ሮ መካመዲና እድሪስ እያ። ንሳ “ዳሳትና ምልክት ሓድነትናን ሰኒትናን ስለ ዝኾኑ፡ ህዝቢ በዓል ናጽነቱ ብኮማዊ ዳስ ገይሩ እዩ ዘበዕሎ። እዚ ድማ መደልደሊ ሃገራውነትናን ዓንዲ ጽንዓትናን እዩ” ክትብል ገሊጻ። ኣስዒባ “ብሓፈሻ ናይ ሎሚ ዓመት ዳሳትና ኣብ ሰለስተ ቦታታት ተደኲኑ ኣለዉ። ክዮምግሞ እንክለኹ ድማ ብዝለዓለ መንፈስ ደብዓል ከም ዘሎ ክምስክር እደሊ። ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ናጽነትና ዝያዳ ቁልዑን መንእሰያትን ከም ዝሳተፉ ተገይሩ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ቁልዑን መንእሰያትን ናይ ጽባሕ ተካእትን ተረከብትን ሃገር ስለ ዝኾኑ፡ ቀንዲ ተሳተፍቲ ናይ’ዚ መደብ ክኾኑ ዝተገብረ። ንሳም ብዮጥምታቶምን መዝሙሮምን ገይሮም ኣብ ቅድሚ ወለዶም፡ ንፍቕሪ ሃገሮም ዝገልጽ ስነፍልጠት ከቕርቡልካ እንክለዉ ድማ ናይ ብሓቂ ትሕበን። ንሕና እውን ንድሕሪ ሕጂ ኣብኦም ጸቒጥና ክንሰርሕ ከም ዘለና ተረዲኡና ኣሎ” ክትብል’ያ ገሊጻ።

ንሳ ኣብ መዛዘሚ፡ “ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብቐሊል ክገራት ዝመጽአ ኣይኮነን። ዋጋ ተኸፊሉሉ እዩ። ብመስዋእቲ ዝተረኽበ ግምጃ እዩ። እዚ ወህደት’ዚ ድማ ዝያዳ ሓላፍነት የሰክመና። ሳላ ሓድነት እዩ እዚ ዓዲ እዚ ደው ኢሉ ዘሎ። ካልእ ምስጢር የብሉን። እዚ ንጥፈታት ድማ መርኣያ ሓድነትና እዩ። ከም ህዝብን ሃገርን ናብ ዝበረኸ ክንምዕብልን ክንሕይልን ድማ ፍቕርና ኣትሪርና ናጽነትናን ሰላምናን ክንውሕስ ኣሎና” ኢላ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንምኩሓት ጸላእቱ ኣስኒዱ ዝበረኸ ህዝቢ እዩ። ሎሚ ገጹ ብፍሽኽታ ደሚቑ ብፈስታ ልደት ናጽነቱ ኣፍ-ልቡ እናሃረመ ብደምጺ ዓውት እንተዝዝምሩ ብዘይካ ሓደ በሃም መን ክበርሞ ይኽእል።

ካብ’ቲ ርሱን ጓይላ ጸዋዕና ብዛዕባ



ወ/ሮ መካመዲና እድሪስ

በዓል ናጽነት ንኽገልጹልና ዝተወከስናየን ወ/ሮ ሰናይት ሃብተጽዮንን ወ/ሮ በየነሽ ባርያጋብርን እየን። ንሳተን ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ነገር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ’ዛ ህሞትን መዓልትን እዚኣ ደስታን ሓጎሰን ዝገበኦ ህዝቢ እዩ። እቲ ምንታይ ናጽነቱ ከረጋግጽ ክንደይ ምረትን ሰቓይን ግፍዕን መከራን ተጻዊሩን ርእዩን ዝሓለፈ ህዝቢ ስለ ዝኾነ። ጸላእቱ ምስ ዘራያቶም ሰዊሩ ደው ዝበለ እምባ ህዝቢ እዩ። ሎሚ እዚ ደበና ጥፍኣት እዚ ኣኽቲሙ ክርእዮ እንክሎ፡ በዓሉ ብፍሰሃ እዩ ከሕልፎ ዘለዎ። ናይ ኢዱ ዘይረኸበ ሰላማውን ፈቃርን ህዝቢ እዩ። ስለዚ ክንደይ ናይ ሕሰም መዋእል ዘሕለፈ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ህዝቢ ኣብ’ዚ ዓለም ሎሚ ንዕኡ ሓጎስ ትግበኣ እያ። በዚ ኣጋጣሚ ደማ ጸማኻ እዩ’ሞ፡ ንበር ክቡር ተሓጎሰ የሃና እንቋዕ ናብ’ዚ ክቡር ኣጋጣሚ ኣብጽሓካ ክንብሎ ንፈቱ ኢለን።

ተጋዳላይ እስጢፋኖስ ሕሩይ ኣባል ክ/ሰራዊት 54 መንእሰይ ዓወት ተኽለን ብዛዕባ ደምቀት ሃዋህው በዓል ናጽነት ኣብ ዝዘበና ሓበሬታ ድማ “ንሕና ህዝቢ ኤርትራ ሓድነትና ስጡም፡ ሽሻይና ብዙሕ እዩ፡ በዓል ናጽነትና ብወዛ ዘበለ ኣገዩብ ይሓልፍ ኣሎ” ድሕሪ ምባል፡ “ካብ ዝሓለፈ ብዝተርፀን ዝተፈለየን ደረጃን ትሕዝቶ እኽሉማይን ከምኡ’ውን ዝተፈላለዩ ባህላዊ መሰናደኣታት ብምድላው በዓሉ ይጽንበል ኣሎ” ክብሉ ገሊጾም። “እቲ ምንታይ እዚ በዓል’ዚ ኣዝዩ ረዚንን ብዋጋ ሰማእቲ ዝተረኽበ ብርሃንን ስለ ዝኾነ። ስለ’ዚ ህዝቢ ንናጽነቱ ብዝበለጸ ደረጃ ዘብዕሎ ኑቲ ኣብ ሰማእታቱ ዘለዎ ክብሪ ዝገልጽ እዩ” ክብሉ ወሲኾም።

“ህዝቢ ንመዓልቲ ናጽነቱ ብሓጎስ’ዩ ዘሕልፎ ዘሎ” ዝበሉ እቶም ተሳተፍቲ ጽንብል፡ “ካብዚ ብምብጋስ እዚ ህዝቢ’ዚ፡ ብዘደንቕ ተግባራት ዝልለ ህዝቢ ስለ ዝኾኑ፡ ንዝመጽኡ እንተታት፡ ብሓድነት ዝምከትን ዕወትን ህዝቢ እዩ። ንሱ መሓውራቱ ጽኑዕ ስለ ዝኾነ’ዩ ወትሩ ዝዕወት” ምስ በሉ፡ “ስለዚ ድማ’ዮም መንእሰያትና ዝ.ጅግንነት’ዚ ስለ ዝወረሱ፡ ኣብ ልምዓትን ምክልኻልን ሃገር መዳርግቲ ኣልቦ ቅያታት ዝፍጽሙ ዘለዉ። እዚ ድማ ካብ ከቢሒ ታሪኽ ህዝቦም ዝወሰድዎ ውርሻ እዩ” ክብሉ ጠቒሶም።

ኣብ’ዚ ክርሳዕ ዘይብሉ፡ ሰብስልጣን መንግስትን ግንባርን ናብ ኩለን ን/ዞባታት ብምዝዋር፡ ዝ. ክቡር በዓል ምስ ህዝቦም ሓቢሮም ክጽንብሉ ወዒሎም። እዚ ድማ ህዝብን መንግስትን ዘለዎም ጥምረትን ምትእስሳርን ዘመልክት እዩ።

ኣብ መወዳእታ ጥንዲራ ኤርትራ ብምልባስ ማዕረጋ ዝረኸብናያ ቆልዓ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደገዓሊ 4ይ ክፍሊ እትመሃር ተመሃሪት ሩፍታ ቴድሮስ እያ። ንሳ “ናጽነት ማለት እንታይ ማለት’ዩ፡ ስለምንታይ ኢናኸ ነብዕሎ” ዝብል ሕቶ ምስ ኣቕረብናላ፡ “ናጽነት ሰማእታትና ማለት እዩ። ብዓቢ ክብሪ ነብዕላ ድማ ንስወኣትና ስለ ንፈትዎም ኢና” ክትብል’ያ ብሓጺር መሊሳትልና። ብድሕሪ’ዚ ንጥቃዊ ቃልሶና ማስገደሉን እትገልጽ ግጥሚ ኣሰሚዓትና።

ናጽነት ብዘኾነ መዐየሪ ኣይትልካዕን። ብገንዘብ ከም ንብረት ኣይትሽመትን። ብትኻቦ’ውን ኣይትርከብን። እንታይ ደኣ፡ ብዋጋ ኣእላፍ እትመጽእ ክብርቲ ነገር እያ። ብሓፈሻ ብስሙር ቅልጽም ዝተዋሕሰትን ብቐይሕ ደም ሓፋሽ ዝተጻሕፈትን ክብርቲ ናይ ዓወት ጸዋእ እያ።

መዓርግ ናጽነት ንምግላጽ ዝተፈላለዩ ግጥምታት፡ መዝሙር፡ ድራማታት፡ ደርፍታት፡ .... ቀሪቦም። እቶም ዝቐረቡ ማሰጥቲ ባህላዊ መሰናደኣታት ድማ ዝያዳ ንደምቀት በዓል ናጽነትና ግርማ ዘለበሱ ኮይኖም፡ ንጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቑ እዮም ነይሮም። ብተወሳኺ፡ ንኣሸቱን ወናማትን ስነ-ጥበበኛታት ሃገርና፡ በቲ ወዲ ዘበራብር ደም ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ናይ ቀደም ደርፍታቶም ንህዝቢ ኣዘናጊዖም።

ኣብ’ቲ ብጠንዴራታትን ሕብራዊ ኣጭርቕትን ጭርሖታት ናጽነትን ዝወቀበ ዳሱ ህዝቢ ናይዘን ምምሕዳራት፡ ኣጋይሽም ብፍስሁ ገጽን ፍሽኽታን ይቕበሉ። ወኻዕዕ እናበሉ ካብ’ቲ ዝተቐረበ ሽሻይ ናጽነት እናተቛደሱ፡ ክስሕቁን ክፃዘዩን ክትርኢ፡ እንክለኻ ድማ ትርጉምን መቐረትን ናጽነት ማዕረ ክንደይ ንወዲ ሰብ መሰረታዊ ምኻኑ ይስወጠካ። በቃ ብዓብይ ናጽነት፡ ኣብ ገጾም ትንበቡ ነይሩ።

ብሓፈሻ፡ ግዜ ግፍዕን ኣደራዕን ተሳዒሩ፡ ከውታ ለይቲ ተቐንጢጡ ብርሃን ናጽነት ቀደድ ወሲል ኢሉ ደረኡ። ሓጎስ ነጊሱ፡ ጽንብልን መዳርግን ናይዛ ክብርቲ ዕለት ከኣ መመሊሱ ይደምቕ።

መዓልቲ ናጽነት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ፍቕሩ



እስጢፋኖስ ሕሩይ



ዓወት ተኽለ



ሩፍታ ቴድሮስ

ዘለደነሶ ጥምረቱ ዝገልጸላ ፍልይቲ መዓልቲ እያ። ኮማዊ ዳሳትና እምባኣር፡ ዘመሓላልፍኦ መልእኽቲ ኣለወን። ባይቶ ሰኒትን ሓድነትን፡ ቅርዓት ባህልን ብዙሕነትን ምኻነን ብተግባር ትዕዘበን። ናይ’ዚ ህያው ኣብነት ድማ ማሕበረ ኮም ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ንናጽነቶም ዘቖደዎ ምድላዋትን ንጥፈታትን ምርዳእ ይከኣል። ዓቢ ምስ ንእሹቶ ብፍቕሪ ሃገር ክየሰሉ ትዕዘቦም። ስለዚ’ዮም እምበኣር፡ ደቂ ሓድነት ኣብ ኣብ መጋርያ ጸባቖን ሓገሰን ናጽነት ዓንቀም ብሽርዓት በዓሎም ክጽንብሉ ዝወዓሉ።

**ርሑስ ቅንያት ናጽነት!**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

### ቀይሕ ባሕሪ ብጽብለልታ ሽቶ መሪሕነት ሒዙ

ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽምበል ናጽነት ኣዕሪፉ ዝቖየ ኩዕሶ እግሪ 'ሊግ ዞባ ማእከል'፡ ሰሉስ 26 ግንቦት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብኽልተ ጸወታ ፈሊሙ።

ቀዳማይ ጸወታ ሸውዓተ ነጥቢ ንዝበረ ኣልታሕረርን 10 ነጥቢ ዝኣከበት ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ዘራኸበ ነይሩ። ኣልታሕረር ድማ ኣብ መበል 25 ደቒቕ ካብ ሄርሞን ጉብረገርግሽ ብዘረኸበታ ሽቶ፡ 1-0 ተዓዊታ። ነጥባ ናብ ዓሰርተ ካብ ኣቢላ ከኣ ምስ ሰገን ተመዓራርያ ኣላ። ኣባላ ኣማን ተስፋእየሱስ ድማ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ቀጺሉ ቀይሕ ባሕርን ማይ ተመናይን ተጻዊተን። ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ታሽዓይ ደቒቕ ብመገዲ ቤንህር ጠዓመ ብዘመዝገበታ ሽቶ 1-0 መሪሓ። ኣብ መበል 33 ደቒቕ ሰምኦን ኣስመላሽ (ቺና) ልዳት ማይ ተመናይ ብምድፋሩ ከኣ ቀይሕ ባሕሪ ናብ ዕረፍቲ 2-0 መሪሓ ወጺኣ። ካልኣይ እብረ ሸውዓተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተጻዊተ'ውን ስምኦን ንዕኡ ካልኣይቲ ንጋንታኡ ሳልሰይቲ ሽቶ ኣመዝጊቡ። ማይ ተመናይ ዝ. ወጽኢት ንምጽባብ ኮነ ንምቕያር ዓቕሚ ኣይነበራን። ቀይሕ ባሕሪ 3-0 ተዓዊታ። ስምኦን ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ዛጊት ተትሓዝዕ ግጥማት ኣካይደን ኣብ ዘለዋሉ እዋን፡ ቀይሕ ባሕሪ ብ22 ነጥቢ 15 ጽብለልታ ሽቶ መሪሕነት ሒዛ ኣላ። ደንደን ብተመሳሳሊ ነጥቢ ብ10 ጽብለልታ ሽቶ ካልኣይቲ ኮይና ትስዕብ። ኣዱሊስ 16 ነጥቢ፡ ኣስመራ በራ 14፡ ኩባንያ ሰምበል 13፡ ኩባንያ ሰገንን ኣልታሕረርን ተመሳሳሊ 10፡ ዘራእትን ጥሪትን ሸሞንተ ነጥቢ፡ ማይ ተመናይ ከኣ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣኪበን ካብ ታሽዓይ ተርታ ሒዘን ኣለዋ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ ኣስመራ በራን ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ከምኡ'ውን ኩባንያ ሰምበልን ኣዱሊስን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ካብ 1:30 ድ.ቀ ጀሚረን ብዘካይድኦ ጸወታ ክቕጽል ምዃኑ ህዝባዊ ርክብ ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ዝተጸውዐ ኣጥቃዓይ ቀይሕ ባሕሪ ሰምኦን ኣስመላሽ (ቺና)

## ማእከል - ቀድድም ብሽክለታ ተሰሪዑ

ፌደረሽን ቀድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት፡ ናይ ክልተ መድረኽ ውድድር ሰሪዑ ምህላዉ ሓቢሩ።

ኣብዚ ኩሉም ዲቪዥናት ዳ ኮርሶ ዝሳተፍዎ ውድድር፡ ቀዳማይ መድረኽ ሰንበት 31 ግንቦት ኣብ እንዳ ማርያም ክሳለል እዩ። ካልኣይን መዛዘሚን መድረኽ ከኣ 14 ሰነ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ተሰሪዑ ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ 30 ግንቦት ኣብ ከባቢ ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ፡ ካልኣይን መዛዘሚን መድረኽ ከኣ ኣብ ከባቢ ዓዲ ሰጉዶ ተሰሪዖሉም ኣሎ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ኪሊያን ምባፐ፡ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ዓመቱ ዝበለጸ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ተባሂሉ።

እዚ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ ዝተዛዘመ ወቕቲ ኣብ ኩሉ ውድድራት 42 ሽቶታትን ሸውዓተ ናይ ሽቶ ቀረባትን ኣካይዱ።

ይኹን እምበር፡ ማድሪድ፡ ዝሓለፈ ዓመት ንሱ ካብ ዝመጸአ፡ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ወቕቲ ብዘይዋንጫ ዛዚማ።

ድሕሪዚ ዘይዕወት ወቕቲ ከኣ ልዕሊ 30 ሚልዮን ዝጸሓሉ ደገፍቲ፡ ምባፐ ካብ ክለቦም ክወጽእ ብቀጥታዊ መስመር ኢንተርነት ፈርማኦ ኣሰጽዮም ድሌቶም ከሪዮም እዮም።



* ኣሰልጣኒ ዌስት ሃም - ኑኖ ሰፕሪቶ ሳንቶ፡ ወላ'ኳ እዛ ክሉብ ካብ ፕሪመር ሊግ ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን እንተወረደት፡ ናብዚ ላዕለዋይ ዲቪዥን ንምምላስ ግን፡ ኣብ ስርሑ ክቕጽል ምዃኑ፡ እዛ ክሉብ ሓቢራ።

## ኣርቴታ፡ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ፕሪመር ሊግ ተባሂሉ

ዓላሚ ኣርሰናል - ሚከል ኣርቴታ፡ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዓመተ-ስፖርት 2025-26 ተባሂሉ።





ካብ ታሕሳስ 2019 ጀሚሩ ብኣርቴታ ትዕለም ኣብ ፕሪመር ሊግ ብተኸታታሊ ካልኣይቲ ኮይና ኣኸቲላ ሻምፕዮን ናይቲ ሊግ ኮይና - ድሕሪ ዘላ ኣርሰናል፡ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመተ-ስፖርት ምዝዛማ ይዝከር። ኣብዚ ወቕቲ ግን፡ ንማን ሲቲ 22 ዓመታት ምዃኑ እዩ።

ካብ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ ኣብ ውድድር ጸወታታት ሽቶ ኣይተመዝገበን። ብሓፈሻ 27 ግጥማት ተዓዊታ፡ ኣብ ሸውዓተ ማዕረ ወጺኣ፡ ዝመርሐቶ ኣርሰናል፡ ካብ 38 ግጥማት ኣብ 19 ሽቶታት ጥራይ እዩ ተመዝጊቡዋ። ኣብ 26 ኣብ ሓሙሽተ ተሳዒራ።

በዚ ድማ እዚ ስጳኛዊ ዓላሚ፡ ንዓልማይ ዓላሚ ማን ሲቲ፡ ኣንዶኒ ኢራኦላ - ቦርንማውዝ፡ ግዜኡ ዝ. ክብሪ በቒዑ ኣሎ - ንፐፕ ጓርድዮላ ኬት ኣንድረወስ - ብሬንትፎርድ፡ ረጊስ ለ ብሪስ - ሳንደርላንድ፡ ሚካኤል ካሪክ ናይ ማን ዩናይትድ በሊጹ።

ኣርቴታ፡ ድሕሪ ስሙይ ዓላሚ ኣርሰናል ዝነበረ ኣርሰን ቨንገር፡ እዛ ሽልማት ዝጠቐዐ ዓላሚ ናይ'ዛ ኣብ ከተማ ለንደን እትርከብ ክሉብ እዩ። ካብ 1996 ክሳብ 2018 ነዛ ክሉብ ዝመርሓ ቨንገር፡ ሰለስተ ሳብ 1997-98፡ 2001-02 ከምኡ'ውን 2003-04 ዝበለጸ ዓላሚ ናይዚ ሊግ ተጸዊዑ እዩ።

ኣርቴታ፡ ናይ ፈለማ ዓላሚ ኒታ ዝተጻወተላ ክሉብ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ዘዐወታ'ውን እዩ። ንሱ ካብ 2011 ክሳብ 2016 ከም ተጻዋታይ ከምዘገልገላ ይዝከር። ኣብ መበል 44 ዓመትን 54 መዓልታትን ነዛ ዋንጫ ብምልዓሉ ከኣ ሳልሳይ ዝንኣሰ ኣሰልጣኒ ደሰርዩ። ቀዳማይን ካልኣይን ዝንኣሰ ዓላሚ ዕዉት ፕሪመር ሊግ ናይ ቅድም ዓላሚ ቸልሲ ሆዜ ሞሪኖ ኮይኑ ኣብ 2004-05 ኣብ መበል 42 ዓመትን 94 መዓልታትን ከምኡ'ውን ኣብ 2005-06 ኣብ መበል 43 ዓመትን 93 መዓልታትን ብምዕዋቱ።

ድሕሪ 20 ዓመታት ናብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ሓሊፋ ዘላ ኣርሰናል፡ ቀዳም 30 ግንቦት ምስ ፒኤስጂ ኣዝዩ ዓቢ ግጥም ይጸብያ። ኣብቲ ናይ 140 ዓመታት ታሪኽ ከኣ እቲ ዝበለጸ ወቕቲ ክኾነላ እዩ - ነዛ ኣልዒላታ ዘይትፈልጥ ጸዋእ ምስ እትልዕሉ።

## ኣንቸሎቲ፡ ንነይማር ብምምራጹ ተነቒፉ

ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ብራዚል - ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ንገዲም ተጻዋታይ ነይማር ኣብታ ናብ ዋንጫ ዓለም ሓዚዋ ዝጉዓዝ ጋንታኡ ብምምራጹ ተነቒፉ።

ነይማር፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ሰለስተ ዓመታት፡ ብተደጋጋሚ መጉዳእቲ ክሳቐን ብርክት ዝበለ እዋናት ካብ ጸወታ ወጻኢ ክኸውንን ተቐሲቡ እዩ። ድሕሪ 17 ጥቅምቲ 2023፡ ንሃገሩ ወኪሉ ኣብ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም ኣንጻር ኡራጋይ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ድሕሪ ምውጽኡ ከኣ፡ ዛጊት ኣይተጻወተን ዘሎ። 'ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንምጽዋት ክምረጽ ዲዩ' ዝብል ሕቶ ድማ ኣለዓዒሉ ጸኒሑ። ኣንቸሎቲ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ወግዓዊ ኣብ ዝገበሮም 26 ተጻወትቲ ድማ፡ ስም ነይማር ብምርቃሑ፡ ንብራዚላውያን ኣደሲቱ እዩ።

ይኹን እምበር፡ ፈርናንዶ ሽሎሶ ዝተባህለ ናይ ቅድም ሓላዊ ልዳት ናይዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ነይማር፡ ንቦታ ኣጥቃዓይ ቸልሲ ጃኦ ፔድሮ ተኪኡ ብምእታዉ፡ ክኣምን ከምዘጸገሞ ገሊጹ።

"ንነይማር ናብ ግጥም ዋንጫ ዓለም ኣይምጸዋዕኩዎን። ንነይማር ወሲደካ ንፔድሮ ክትገድፍ፡ ትርጉም ኣልቦ እዩ። ፔድሮ፡ ኣብ ኩሉ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ እዩ።" ዝበለ ሽሎሶ፡ "ነይማር፡ ኣንጻር ፓልሜራስ፡ ፍላሚንጎን ባሂያን ኣይተጻወተን፣ ኣንጻር እተን ዝደኸማ ክለባት ረኮለታን ረድ ቡል ብራጋንቶን ጥራይ እዩ ፍልልይ ከምዘፈጥር ከርኢ ፈቲኑ። ኣብኡ'ውን ኣይፈጸሞን።" ክብል ምስ ብቕዓቱ ዘኾነ ክለባት ክጻወት ከምዘመርጽ ነቒፉዎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብራዚል፡ መራሒ ተጻዋታይ ከምዘይብላ ዝገለጸ እዚ ብራዚላዊ፡ "ከም ዝመስለኒ፡ ምምራጽ ነይማር ንደገፍቲ ተስፋ ከምዝሕድሩ ገይሩ ኣሎ። ነይማር፡ ኣብቲ ውድድር ፍልልይ ክፈጥር ይኽእል እዩ ኢለ ግና ኣይኣምንን። እዛ ጋንታ ድኹማት ተጻወትቲ ዝሓዘትን መራሒ ዘይብላን እያ፣ እንተላይ ንሱ መራሒ ኣይኮነን። እንተወሓደ ግና፡ ናይ ተክኢክ መራሒ ክኸውን ይኽእል እዩ።" ክብል፡ ብዓቢኡ እታ ጋንታ ከምዘይመስጠቶ ገሊጹ።





ሓሙሽተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለትን ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2002 ዝተዓወተትላን ብራዚል፡ 14 ሰነ ምስ ሞሮኮ ብእተካይዶ ግጥም ክትፍልም እያ - ናይ ዋንጫ ዓለም ናይ ምድብ ጸወታኣ።

## ባርሴሎና፡ ምስ ጎርዶን ተሰማሚዓ

ስጳኛዊት ክሉብ ባርሴሎና፡ ንኣጥቃዓይ ኒውካስል - ኣንቶኒ ጎርዶን ንምፍራም፡ ዝርርብ ምጅማራን ብውልቂ ምስቲ ተጻዋታይ ምስምማዕን ተሓቢሩ።



እዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ጀርመናዊት ክሉብ ባየር ሙኒክ ከምዝተጠየቐትሉ ይሕበር። እንተኾነ፡ ኒውካስል፡ ንዝተመኑቶ ክሳብ 80 ሚልዮን ፓውንድ ዝበጽሕ መልቀቒ ዋጋኡ ክትበጽሓ ከቢዱዋ፡ ተገዳሲነታ ግና ዛጊት ዓቢ እዩ ዘሎ።

ባርሴሎና ብወገና፡ ዝሓለፈ ወርሒ ንዳይሬክተራ ደኮ ናብ እንግሊዝ ከተማ ለንደን ልኢኻ ምስ ወከልቲ ናይቲ ተጻዋታይ ብምዝርራብ፡ ኣብቲ ውድድር ኣትያ፣ ኣብዚ እዋን ከኣ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኒውካስል ትረዳዳእ ኣላ። እንተ ብውልቃዊ ጉዳያት ግና፡ ምስዚ ተጻዋታይ ኣብ ስምምዕ ምብጽሖ ይሕበር። ካልኦት ናይ ፕሪመር ሊግ ክለባትን ባየር ሙኒክን ከፈርምኦ ድሌት ስለዘለወን ከኣ እቲ ውዕል ቀልጢፉ ክፍጸም ድሌት ኣለዋ።

ባርሳ ንጎርዶን ኣፈሪማ ኣብ ዝርዝር ኣሰምዎት ተጻወትቲ ላ'ሊጋ ከተመዝግቦ እንተኾይና ግና፡ ገለ ተጻወትቲ ክትሸይጥ ክትቅሕስብ እያ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ኣቐዲሙ ሊቨርፑል፡ እዚ ክሳብ ሰነ 2030 ምስ ክለቡ ኒውካስል ውዕል ዘለዎ ወዲ 25 ዓመት እንግሊዛዊ ንምፍራም ተገዳሲት ነይሩዋ። ኣብዚ እዋን ግና፡ ራዳራ ናብ ኣጥቃዓይ ኣርቢ ሌፕዚግ - ያን ዲያማንደን ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ - ብራድሊ ባርኮላን ኣዝራ'ቶ ኣላ።

## ማን ዩናይትድ፡ ምስ ኤደርሶን ተሰማሚዓ

ዝመጽእ ሓዲሽ ወቕቲ ጉልበታ ንምቕራብ ብኣጋኡ ኣንቂላ ዘላ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ምስ ተጻዋታይ ኣታላንታ - ኤደርሶን፡ ኣብ ውልቃዊ ጉዳያት ተሰማሚዓ።



እዚ ብራዚላዊ ኣኸፋፋሊ፡ ናብዛ እንግሊዛዊት ክሉብ ንምጽንባር ካብ ዘለዎ ልዑል ድሌት፡ ካብ ካልኦት ክለባት ንዝመጽኦ ሕቶታት ጸማም እዝኒ ሂቡዎ ኣሎ። ማን ዩናይትድ፡ እዚ ክሳብ 45 ሚልዮን ዩሮ ዝበጽሕ መስርሕ ምስግጋሩ ክትፍጽሞ ድሌት እንተሃልያ ክትውሰን ጥራይ እዩ ዝጽበ ዘሎ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ወተሃደራዊ ኣዛዚ ሓማስ ተቐቲሉ

ኣዛዚ ወተሃደራዊ ክንፊ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ - መሓመድ ኦደህ፡ እስራኤል ትማሊ ሰሉስ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብዘፈጸሞቶ መጥቃዕቲ ኣየር ከም እተቐትለ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ ቅድሚኡ ዝነበረ ኣዛዚ ናይ ሓማስ ብዝተመሳሰለ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምቕታሉ ድሕሪ ሒደት መዓልታት እዩ።

በቲ መጥቃዕቲ ብውሑዱ ካልኦት ሰለስተ ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ብዓሰርተታት ዝቖጸሩ ድማ ቆሲሎም ምህላዎም ተገሊጹ።



ሚኒስትሪ ምክልኻልን ኣገልግሎት ጸጥታን እስራኤል ኣብ ዘውጸእዎ ሓበሬታ፡ መሓመድ ኦደህ ከም መሕቡኢ ኣብ ዝጥቀመሉም ዝነበረ ህንጻታት ንሒያሎ ኣዋርሕ ምንቅስቓሱ ድሕሪ ምክትታል ዒላማ መጥቃዕቲ ከም ዝኾነ ኣረዲኦም።

ብውሑዱ ሓሙሽተ ሚሳይላት እስራኤል ካብ ዝተፈላለየ ኣንፈታት ኣብ ተቐራረቢ ግዜን ኑቲ ህንጻታት ከም ዝወቕዕ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ሓማስ ንቕትለት ናይ'ቲ ወተሃደራዊ መራሒኡ ኣመልኪቱ ክሱብ ሕጂ ወግዓዊ መግለጺ እኳ እንተ ዘይሃበ፡ ሓደ መንጩ ከንገረሉ ዘይደለ ኣባል ሓማስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ግን፡ መሓመድ ኦደህ፡ ምስ ብዓልቲ ቤቱን ቦኽሪ ወዱን ከም ዝተቐትለ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ፡ እስራኤልን ሓማስን ተኹሲ ደው ከብሉ ተሰማሚዖም እኳ እንተ ነበሩ፡ ኣብ ቓዛ ግን ግጭት ደረጃ መዓልታዊ ይቕጽል ከም ዘሎ እዩ ዝንገር።

## ጋና፡ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተሰጎጉ ዜጋታታ ትቕበል

ሰበ ስልጣን ጋና፡ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብሓራት ናብ ሃገሮም ንኽምለሱ ከም እተመዝገቡ ንዘጠቓለሉዎም 800 ዜጋታት ዝሓቑፈ ናይ መጀመርታ ጉጅለ ከም ዝተቐበሉ ሓቢሮም።

በበሲ. ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝዘርገሖ ጸብጻብ፡ ኢምባሲ. ጋና ዝተኻረየን ዓሰርተታት ኣውቶቡሳት ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ጆሃንስበርግ ተገዓዝቲ ከውርዳ ከም ዝተራእያ ገሊጹ።

እቶም ተገዓዝቲ ህጻናት ዝርከብዎም ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ከም ዝበሩ ድማ እቲ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።


እዚ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ከተማታት ደቡብ ኣፍሪቃ ኣንጻር ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዝተኻየደ ማሕበራዊ ተቓውሞ ዝሰዓቡ ኩነታት፡ ኣብታ ሃገር ጸልኢ ኣንጻር ወጻእተኛታት ዘኸተሎ ግጭት ዳግማይ ክለዓል ይኽእል'ዩ ዝብል ስግኣት ኣኸቲሉ ከም ዘሎ ይሕበር።

ሰብ መዚ. ጋና ንበበሲ. ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ትማሊ ረቡዕ ንጎሆ 300 ሰባት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ከም እተበገሱ፡ እቶም ዝተረፉ ምዝገባት ግን ይምርመሩ ስለ ዘለዉ ድሒሮም ክብገሱ ምዃኖም ኣረዲኦም።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ብጠቕላላ 25 ሽሕ ጋናውያን ከም ዝቕመጡ ይሕበር።

ብዙሓት ደቡብ ኣፍሪቃውያን፡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣብ ልዕሊ. ህዝባዊ ኣገልግሎታት ጸቕጢ. ይፈጥሩ ከም ዘለዉ. ብምሕባር፡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝ. ደው ንምባል ክሰርሕ'የም ጻውዒት ከቕርቡ ጸኒሖም።

እቲ ዝዓየዱዎ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ድማ፡ ጸገም ኢሚግረሽን ንምፍታሑ ብዝሰርሕ 'ማርች ኣንድ ማርች'




ዝተባህለ ብደቀቦት ዝምራሕ ጉጅለ ከም ዝተላዕለ እዩ ዝግለጽ።

በዚ. ድማ፡ 30 ሰኑ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ኩሎም ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ካብ'ታ ሃገር ዝወጽኡሉ ናይ መውዓእታ ገደብ ግዜ ምኽኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ. ወርሒ'ዚ፡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊ. ወጻእተኛታት ዝፍጸም ዘሎ ገበናዊ ተግባራት ከም ዝኾነኖ ኣይርሳዕን።

## ኣብ ናይጀርያ ልዕሊ. 300 ኣሸበርቲ ተቐቲሎም

ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ ሰሜን ክፋል ሃገሩ ብዘካየዶ ወተሃደራዊ ስርሒታት፡ 317 ሸበራውያን ከም ዝቐተለን ካልኦት 314 ጥርጡራት ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወን ኣፍሊጡ።

ኣፈኛ ናይቲ ሰራዊት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ ሓይልታት ምድሪ፡ ኣየርን ባሕርን ምስ ካልኦት ናይ ጸጥታ ኣካላት ብምትሕብባር ዘካየዱዎ ስርሒታት፡ ጃሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ 221 ግዳያት'ውን ናጻ ከም እተለቐቑ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ 93 ዝተፈላለየ ዓይነት ዝጽዋር ከም እተማረኹ፡ ሰለስተ ዘይሕጋውያን ትካላት ከም ዝዓነዉን እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሰራዊት ናይጀርያን ኣመሪካን፡ ብ15 ግንቦት ብሓባር ኣብ ዘካየድዎ ስርሒት፡ ሳልሳዋይ ኣዛዚ. ዳዕሽ ዝርከቦም ሒያሎ ኣሸበርቲ ከም እተቐትሉ ዝዝከር እዩ።

ሰሜን ክፋል ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ ኣብ ትሕቲ ዕጡቓት ጉጅለታት ወዲቑ ከም ዘሎ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ብሰንኩ ጸጥታ ናይ'ቲ ከባቢ. ከም ዝንቀልቀለ የረድኡ።

መንግስቲ ናይጀርያ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ. ዝዒፍ ሰራዊት ብምውፋር፡ ጸጥታ ንምውሓስ ተደጋጋሚ. ስርሒታት ከካይድ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ፡ ካብ 2009 ኣትሒዙ ብዘቖጸል ዘሎ ጸጥታውን ወተሃደራውን ቅልውላው፡ ዛጊት ልዕሊ. 40 ሽሕ ሰባት ከም እተቐትሉን ካልኦት ልዕሊ. ክልተ ሚልዮን ድማ ከም እተመዛበሉን ይሕበር።



## ኢራን፡ "ኣመሪካ ንስምምዕ ምቍራጽ ተኹሲ. ጥሒሳቶ" ክትብል ከሲሳ

ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ሚያዝያ ምስ ኢራን ንዝዘተበጽሐ ግዝያዊ ስምምዕ ምቍራጽ ተኹሲ. ከም ዝጡሓሰት፡ መንግስቲ ኢራን ከም ዝኸሰሰ ተሓቢሩ።

መንግስቲ ኢራን ዝ. ክሲ. ዘቕረበ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኢራን፡ ሚሳይል ዘውንጨፈሉም ቦታታትን ኑታጉ ኣብ ትሕተ ባሕሪ ዘጸውዳ ጀላቡን ዒላማ ዝገበረ ናይ "ነፍሰ ምክልኻል" ክብል ዝገለጾ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደ፡ ማእከላይ እዚ. ኣመሪካ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።



በዚ. ድማ፡ ኣመሪካ ዝፈጸመቶ ሓድሽ መጥቃዕቲ፡ ኑቲ ግጭት ደው ንምባል ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕርታት መሊሱ ከም ዝሓላለኹ፡ መንግስቲ ኢራን ኣረዲኡ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ. ኢራን፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣመሪካ ንዘእተወቶ መብጽዓታት ዘለዋ ዘይተወፋይነትን ዘይተኣማምነትን ዘቃልዕ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሪካ፡ ብሸነኽ ናይ'ቲ ዘይፍትሓዊ ተግባራታ ተሓታቲት ከም እትኾውን ዝሓበረ'ቲ ሚኒስትሪ፡ ሰራዊት ኢራን መልሰ ግብሪ ናይ ምሃብ ሕጋዊ መሰል ከም ዘለዎ ኣፍሊጡ።

ኣመሪካን ኢራንን ኑቲ ካብ 28 ለካቲት ጀሚሩ ን40 መዓልታት ዝቐጸለ ኩናት ደው ንምባል፡ ኣብ ዝሓለፈ. ሚያዝያ ብመንገዲ. ሸምጋልና ፓኪስታን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ ዝዝከር እዩ።

እዚ. ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ደቡባዊ መሬት ኢራን "መቓብር ወረርቲ" ክትዥበሮ ምኽኣ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብዘይካ'ዚ፡ ትማሊ. ሰሉስ ናብ ክሊ. ኣየር ሃገሩ ንዘእተወት ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ኣመሪካ ወቒዑ ከም ዘውደቐ ሓቢሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎት | 28/05/2026 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services